06 መጋቢት 2012

# ጽብጻብ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ ማሕበረ ኮም ሳን ሆዘን ከባቢኣን

ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ ማሕበረ ኮምና ብዕለት 25 ለካቲት 2012 ራእይ ብዝተመለኦን ዕውት ብዝኾነ ውጽኢትን ኣገባብ ተዛዚሙ። እቲ ኣኼባ ቅድም ብናይ መናእሰይ ሳን ሆዘን ከባቢኣን ዝተጀመረ ናይ "ቤት ትምህርቲ ኣዳል" ናይ ቋንቋን ታሪኽን ትምህርቲ ሓበሬታ ካብ ተወካሊት መናእሰይ ድሕሪ ምስማዕን ምሕ'ባርን ብቀጥታ ናብ ናይ ዓመታዊ ጽብጻብ ዓሚ ዝተመዘዘት ኮሚተ ኢዩ ተሳጊሩ። ብሓፈሽኡ እቲ ጽብጻብ ኮሚተ ብዛዕባ፡-

1) ሀ) ዘይረብሓዊ ፍቓድ ማሕበረ ኮም ምውጻእ (non-profit license)
   ለ) ጽብጻብ ናይ ኣካውንት ባንካ (Bank account information)
   ሐ) ጽብጻብ ኣባላትን ዓመታዊ ክፍሊትን (membership and membership fees)
   መ) ሓበሬታ ምምልካት ናጻ ግብሪ (tax-exempt status)
   ሰ) ጽብጻብ ተበግሶን ንጥፈታትን ኮሚተ ማሕበረ ኮምና ኣብ ዝሓለፈ ዓመት (Community activity) ዘጠቓልል እዩ ነይሩ።

2) ምጽዳቕ ዓንደ ሕጊ

   እተን ቅድሚ ሕጂ ንክመሓሻ ቀሪበን ዝነበራ መኣረምታ ተገይሩለን እቲ ዓንደ ሕጊ ብሙሉእ ድምጺ ጸዲቑ፡ እቲ መስርሕ ከኣ ድሮ ኣብ ግብሪ ውዒሉ።

3) ማሕበረ ኮምና ንምምሕያሽን ምጉልባትን ኣብ ዝብል ቴማ፡ ናይ ሓባር ምሸት ኣብ ወርሒ ሓደ ቀዳም ንክግበርን ኣባላት በብተራ ናይዚ ናይ ሓባር ምሸት ድራር ሓላፊነት ንክወስዱን ኣባላት ተሰማሚዖምሉ።

   ከምቲ ዓንደ ሕጊ ዘመልከቶ፡ ከምኡውን ማሕበረ ኮምና ናይ ምድንፋዕ ተበግሶ ኣብ ግብሪ ንክውዕል ክልተ ንኡሳን ኮሚተታት፡ ማለት ናይ ባህሊ ትምህርትን ስፖርትን ከምኡውን ናይ ማሕበራዊ ጉዳያት ብሓላፍነት ዘሳልጣን ዘወሃህዳን ኮሚተታት ተመዚዘን።

4) ኣብ መወዳእታ፡ ግዜ ርእይቶ፡ ሕቶን፡ ለበዋን ቀሪቡ። እቲ ኣባል ንዝመጸ ርእይቶታትን ሕቶታትን ብግቡእ ድሕሪ ምዝ'ታይ ለበዋታት ቀሪበን እቲ ኣኼባ ነዚ ኩሉ ናይ መንነትን መሰልን ከም ኤርትራዊ ህልው ንዝገበሩልና ስውኣትና ናይ ሓንቲ ደቒቕ መዘከረ ሰማእታት ድሕሪ ምግባር ኣኼባና ብዕውት መንፈስ ደምዲምና።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ንባህልን ምዕባለን
ሳን ሆዘን ከባቢኣን